ንወረዳ ዓድዋ ከተማ ዓድዋን ኣብያተ ፍርዲ ኣገልግሎት ዝውዕሉ መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣናእሽተይ ኣቅሑት፣ ኣንእሽተይ ኣቅሑት፣ ኣቅሑት ፅሬት ፣ሕትመት፣ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስን ናይ ቢሮ ቀወምቲ ኣቅሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሕዳር 15, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 20, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:4000.00
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 20, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ካልኦት ዓይነት ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ተጫረቲ ናይቲ ጨረታ ሰዓርቲ እንተኾይኖም ዝሰዓርዎ ንብረት ኣብ ውሽጢ 30  ማዓልቲታት ዛዚሞም ከቅርቡ ይግባእ።

2 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኸበሪ ቢድ ቦንድ 4000.00 ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከቅርቡ ኣለዎም።

3 ቅሬታ ምቅራብ ዝከኣል ሰዓራይ ጨረታ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልትታት ጨረታ ዝሰዓረ ተጫራታይ ውዕሊ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ድሕሪ ቅሬታ ምስማዕ ኣብ ውሽጢ 5ተ መዓልታት ኮይኑ ውዕሊ ክኣስሩ ናይ ዝሰዓርዎ 10% ውዕሊ መኸበሪ ብምትሓዝ ውዕሊ ናይ ምእሳር ግቡእ ኣለዎም።

4 ተጫረቲ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎምን ዘሐደሱን ምኻኖምን ዋና ምስ ቅዳሕ ከቀርቡ ኣለዎም።

5 ተጫረቲ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገቡን በብወርሑ ናይ ግብሪ ኣካቢ ዝኸፈሉ ምኻኖም መረዳእታ ከቅርቡ ኣለዎም።

6 መለለይ ቁፅሪ ከፈላይ ግብሪ ዋና ምስ ቅዳሕ ከቀርቡ ኣለዎም።

7 እዚ ጨረታ ካብ ዝተቃለሐሉ 06/03/2011ዓ/ም ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 15 መዓልታት ዝርዝር ዘድሊ ሰነድ ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓድዋ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምምር/ንብረትን ዘይምለስ 20.00 ቅርሺ ብምኽፋል ብሽመዒ ብዝተዓሸገ ፖስታ ክሳብ 20/03/2011ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:00 ድ.ቀትሪ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ናብ ሳንዱቅ ክተእትው ይግባእ።

8 ሳንዱቅ ጨረታ 20/03/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ድ.ቀትሪ ተዓሺጉ  ኣብቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ዓድዋ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምምር/ንብረትን ይኽፈት።

9 ተጫረቲ እቲ ዝሰዓርዎ ንብረታት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ የቅርቡ።

10 ጨረታ ኣብ ዝኽፈተሉ ዕለት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ክረከቡ ኣለዎም።

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ነብሲ ወከፍ ንብረት 25% ክውስኽ ወይ ክንኪ ይኽእል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0347-711532 ምድዋል ይከአል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle